**The City of Seattle**

Gregory J. Nickels, Mayor

# ናይ ኮምፒተር ኣጠቓቕማ ሕግታት

*ንኹሎም ነበርቲ ናይ ህዝባዊ መሳልጥያ ኣብ ኮምፒተራት ከም ዝህልዎም ንምርግጋጽ ምእንቲን ኣብ ናይ መግስታዊ ኣገልግሎትን ካልእ ኣድላይ ዝኾነ ምንጭታን ከምኡ'ውን ናይ ምምሕዳራዊ ተሳታፍነት ንምብርታዕን ናይ ተክኖሎጂ ትምህርቲ ምውሳኽን ከተማ ሲያትል ናይ ሓፋሽ መሳለጥያታት ን ኮምፒተራት የቕርብ።*




*እዘን ዝስዕባ ሕግታት ብምኽታልን ካልኦት'ውን ከምኡ ንኽገብሩ ብምትብባዕ ነዚ ናይ ህዝቢ ረብሓ ምሃብ ንኽንቅጽል ሓግዙና።*

1. <u>ሕግታት ምርዳእ</u>: ነዚ ሕግታት ኣንቢብካ ምርዳእ ሓላፍነትኩም እዩ። ዘይተረደኣኩም እንተኾይኑ፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ክሕግዙኹም ሕተቱ። ናብ ክፍሊ ሓበሬታ ተክኖሎጂ ኣብ 684-0600 ክትድውሉ ትኽእሉ፡ ወይ publiccomputers@seattle.gov ኢ-መይል ክትሰዱ ትኽእሉ። ኣብ ዘድለየኩም እዋን ብቛንቛኹም ክንሕግዘኩም ድልዋት ኢና።

2. <u>ናይቲ ህንጻ ሕግታት ምኽባር'ውን ይምልከተኩም እዩ</u>: ኮምፒተራት ንምጥቃም ናይቲ ህንጻ ሕጊ ስርዓት ምኽባር ይምልከተኩም እዩ። ናይቲ ከተማ ሰራሕተኛታት ነቲ ሕጊ ከተግብርዎ ይኽእሉ እዮም።

3. <u>ንኮምፒተር ምፍራም</u>: ናብ ኮምፒተር "ምእታው" ኮምፒተር ምስ ውዳእኩም ካብ ኮምፒተር "ምውጻእ" ከድልየኩም እዩ። እዚ ኸኣ ንናታትኩም ረብሓ እዩ። ኢ-መይል ክትጥቀሙ እንከለኹም ወይ ናይ መርበብ ሓበሬታ ክትሪኡ እንከለኹም ዘስፈርክሞ ዝኾነ ናይ ግልኹም ሓበሬታ ንምድምሳስ ይጠቅም።

4. <u>ናይ ግዜ ገደብ ኣለዎ</u>: ንኽንደይ ጊዜ ኮምፒተር ከም እትጥቀሙ ናይ ጊዜ ገደብ ኣሎ። እታ ግዜኹም ምስ ኣኸለት ድሕሬኹም ተሰሪዑ ዘሎ ሰብ ንኽጥቀም ቦታ ትገድፉሉ። ነቶም ናይ መንግስቲ ሓበሬታ ዝደልዩ፣ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ንጥፈታት ዝሰርሑ፣ ንናይ ማሕበራዊን ጥዕናን ኣገልግሎት መሳለጢያ ዝደልዩ፣ ወይ'ውን ናይ ዝኾነ ካልእ ትምህርቲ ይኹን ናይ ምምሕዳራዊ ንጥፈታት ዝደልዩ ቀዳምነት ክወሃቦም ኣለዎ።

5. <u>ኮምፒተር ዝተጻረያ እየን</u>: ብዙሓት ሰባት ከምኡ'ውን ቆልዑት ነቲ ህንጻ ይጥቀምሉ። ካብ ሓደጋ ዕቁብ ዝኾነ ኸባቢ ንምርግጋጽ፡ ኣብቲ ህንጻ ዘለዋ ኮምፒተራት ዝተጻረያ እየን። እዚ ኸኣ ኣብቲ ኢንተርነት ዘሎ ትሕዝቶታት ገደብ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ'ዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.seattle.gov/tech/public.htm ክርከብ ይከኣል እዩ።

6. <u>ከባቢ ኣጽርይዎ</u>: እቲ ከባቢ ብጽሬት ክትሕዝዎ ናይ ግደን እዩ። መግቢ፣ መስተ፣ ወይ ሽኮራዊ ነገር ኣብቲ ከባቢ ኮምፒተራት ክልኩል እዩ።

7. <u>ሶፍትውር ከተእትዉ ኣይትፈትኑ ወይ'ውን ከምፒተር ኣይትለውጡ</u>: ኣሰራርዓ ናይ ኮምፒተር ክትልውጡ ኣይፍቀደኩምን እዩ። ሶፍትወር ወይ ሓድሽ ፕሮግራም ኣብ ኮምፒተር ኣይተእትዉ። ፕሮግራም ክኣትው ኣለዎ ኢልኩም ትኣምኑ ኣንተድኣ ኮይንኩም፡ ብኽብረትኩም ንሰራሕተኛታት ወይ communitytechnology@seattle.gov ተወከሱ።

8. <u>ኮምፕተር ንኻልኦት ንምጉዳእ ኣይትጠቐሙ</u>: ንምሽባር ወይ ካልኦት ንምፍርራህ፣ መደናገሪ መልእኽቲ ንምልኣኽ፣ ዝጎድእ ነገራት ምስርጫው፣ ወይ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ንምክያድ እዘን ኮምፒተራት ክትጥቀሙለን ኣይትኽእሉን ኢኹም።

9. <u>ውሕስነት ኣይንገብረልኩም ኢና</u>: ናይ ኢንተርነት ወይ ናይ ኮምፒተር ኣገልግሎት ኩሉ ጊዜ ከም ዝሰርሕ እታ ከተማ ውሕስነት ኣይትገብረልኩምን እያ። ናይ ህዝቢ ኮምፒተራትን ናይ ኢንተርነት መሳለጥያ ብናታትኩም ሓላፍነት ኢኹም ትጥቀምሉ። ምጥፋእ ናይ ጭብጥታትን ወይ ከም ናይ ዲስክ ምዕናው ዝኣመሰሉ ካልእ ብልሽታት፡ እታ ከተማ ሓላፍነት የብላን።

10. <u>ኢንተርነት ናታትኩም ሓላፍነት እዩ</u>: እዘን ኮምፒተራት ተኽእሎ ናይ ኢንተርነት ኣለወን። እታ ከተማ ንኣብቲ ኢንተርነት ዘሎ ትሕዝቶታት ሓላፍነት የብላን።

11. <u>ነዚ ሕግታት እንተደኣ ጢሒስክሞ መሰልኩም ክንፈገኩም ይኽእል እዩ</u>: ሕግታት እንተድኣ ጢሒስኩም፡ ኮምፒተር ምጥቃም ጠጠው ከተብሉ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ወይ ካብቲ ኮምፒተር ዘለዎ ህንጻ ክትወጹ ክትግደዱ ኢኹም። ካልእ ሕጋዊ ስጉምቲ እውን ከስዕብ ይኽእል።